ዓለም-ለኻዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ኤርትራዉያን
Global Yiakl Eritrean Movement
حركة الريت ي ية العالمية الكافية

# መግለጺ ዓለ-ምለኸ ምንቅስቃስ ይኣክል ኤርትራዉያን ብኣጋጣሚ ሓድሽ ዓመት፡2025።
# ንሓድሽ ዓመት ብሓድሽ መንፈስ:

---------------------------

ዓመት 2024: ከምተን ቅድሚኣ ዝሓለፋ ዓመታት: ኣብ ሃገርና፡ ከባቢናን ዓለምን: ብዙሕ ሓርጎጽጎጽ: ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት: ኲናትን ሳዕቤናቱን፡ ፖለቲካውን ቁጠባውን ቅልውላው ዝተራእየላ ዓመት'ያ ኔይራ።

ኣብ ስደት: ኣብ ዝተፈላለየ ኲርናዓት ዓለም ዝነብርን ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝርከብን ህዝብና ድማ: እንተስ ብቀጥታ እንተስ ብተዘዋዋሪ በቶም ዝተራእዩ ፍጻመታት ክጽሎን ክዋሳእን ግድነት እዩ። ኣብዛ እንፋነዋ ዘለና ዓመት 2024: ዓለም-ለኸ ምንቅስቓስ ይኣክል: ነቲ ብኹሎም ኤርትራውያን ደለይቲ ፍትሒ ኣንጻር ጉጅለ ህግደፍ ዝተኻየደ ንጥፈታት ንባዕሉ መሪሕ ተራ ብምጽዋትን፡ ብዓቕሙ ድማ ናይ ምኽሪ፡ ገንዘባውን ሞራላውን ደገፍ ብምሃብን እጃሙ ኣበርኪቱ ኢዩ።

ዓለ-ምለኸ ምንቅስቓስ ይኣክል: ውዳበታቱ ንምሕያል፡ ሓያልን ድኹምን መዳያቱ ንምግምጋምን: ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ምስ ዝርከቡ ዉዳበታቱ ብኣካልን ብማንዛን ገምጋም ስርሑ ኣካይዱን መጻኢ መደባቱ ተሊሙን። ምንቅስቓስ ይኣክል ከምዝኾነ ካልእ ምንቅስቓሳት ዋላኳ ብውሽጣውን ግዳማውን ረቋሒታት ዝጽሎ እንተኾነ፡ ከምኡ ድማ ተሳታፍነት ህዝቢ ከምቲ ኣብ 2019 ዝተበገሶ ናህሪ እንተዘይሃለወ: ብሓፈሻ ቃልሲ ደምበ ፍትሒ ግን ካብ ዝነበሮ መሊሱ ንሂሩን ሓይሉን ምህላዉ ይኣምን። ምንቅስቓስ ይኣክል ከም ዉዳብ ድማ ተስፋ ኤርትራዊ ደላይ ፍትሒ ዝኾነ ቅርጻን ናይ ቃልሲ ባይታን ኣጣጢሑ ኣሳታፊ ብዝኾነ መንገዲ፡ ምስ ኲሎም ሓይልታት ደምበ ፍትሒ ሓቢሩን ኣተሓባቢሩን ቃልሱ ኣብ ምቕጻል ይርከብ።

ምንቅስቓስ ይኣክል፡ ብዓለም-ለኸ ደረጃ ኣቑሙዎ ዘሎ ጥርናፈ፡ ዝሰፍሓሉ፡ ዝሕይለሉን፡ ገዚፍ ናይ ቃልሲ ሓይሊ ኮይኑ ዝወጻሉን መደባት ሓንጺጹ ይቕጽል ኣሎ። ኣብዚ ሓድሽ ዓመት ድማ ብሓድሽ መንፈስ ናብ ሓያል ግብራዊ ቃልሲ ከሰጋግሮ ዝኽእል ኣቃዉማን ዉዳበን ኣብ ምክያድ ይርከብ።
ሓይልታትና ኣወሃሂድናን፡ ሓቢርና ከይ ተቓለስናን እንኸዶ ጉዕዞ ጽልዉኡን ዉጽኢቱን ከምቲ ብዉህደት እነካይዶ ቃልሲ ዘይምዃኑ ብምርዳእን፡ ሓባራዊ ቓልሲ መድረኽ ዝጠልቦ ዘሎ እንኮ ኣማራጺ ምዃኑ ብምእማን፡ ዓለምለኻዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ጀሚሩዎ ዘሎ ናይ ጽምዶ ዕዮ ብዝሰፍሐን ኣሳታፍን ብዝኾነ መልክዑ ይቕጽሎን ንምዕዋቱን ይሰርሕ ኣሎ። ኣብዚ መስርሕ እዚ ኲለን ዉድባት፡ ህዝባዊ ምንቅስቓሳት፡ ስቪክ ማሕበራትን መድያታትናን ብትግሃት ክሰርሓሉ ለበዋና ነቕርብ።
ኣብ መዳይ ዲፕሎማሲ ምስ ዝተፈላለዩ ዉድባት ማሕበረሰብ ዓለም፡ መንግስቲ ኣመሪካ፡ ኤዉራጳዊ ሕብረት፡ መንግስቲ ነርወይ፡ መንግስቲ ካናዳ፡ መንግስቲ ጣልያን ወዘተ ጀሚሩዎ ዘሎ ሓያል ጅማሮ ብዝሰፍሐ ቀጺሉ ናብ መድረኽ ምትሕግጋዝ ዝሰግረሉ ኩነት ንምፍጣር ኣሐይሉ ክሰርሓሉ እዩ። ኣብዚ ሓባራዊ ዲፕሎማስያዊ ጻዕሪ ደምበ ፍትሒ ጽልዉኡ ልዑል ምዃኑ ንግንዘብ።
ከም እምነት ዓለም-ለኻዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ኣብ ግዳምን ኣብ ዉሽጢ ሃገር ዘሎ ዓቕምታትናን ተወሃሂዱ ኣብ ዝሰርሓሉ ህሞት፡ ህግደፍ ክህልዎ ዝኽእል ዕምሪ ሓጺር ምዃኑ ብምእማን፡ ኣብዚ መዳይ’ዚ ሓያሎ ዕዮታት ዝተዓመመሉን ንቐጻሊ እዉን ብዝሓየለ ክቕጽሎ ከም ዘሎዎ ኣሚኑ ይሰርሕ ኣሎ።

ከም ዉጽኢት ዝተዋሃሃደ ጻዕርናን: ሓያል ናይ ሎቢ ስራሓትናን ከም በዓል ዋሽንግቶን ፖስት ዝኣመሰለ ፍሉጥ ጋዜጣን ከምኡ እውን ብኣባላት ሓገግቲ ኣካላት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ኤውሮጳን: ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፍጽሞ ዘሎ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰል: ኣብ ወጻኢ ዘካይዶ ዘይሕጋዊ ምእካብ ገንዘብ፡ ዘመተ ጽልእን ምዝራግ ሓድነትን ጠጠው ክብሉ ድምጾም ምስምዖምን: ኣብ መዳይ ዲፕሎማሲ ሓደ ስጉምቲ ንቅድሚት ክኸውን እንከሎ ብኣንጻሩ ንጸላኢና ድማ ሕማም መርዘን ኢዩ።

ህግደፍ: ኣብ ወጻኢ ከም ድሌቱ ክዕንድር ስለዘይከኣለ: ንጥፈታት ኤርትራውያን ደለይቲ ፍትሒ ንምድኻምን ንምጽላምን ኣዕሪፉ ኣይፈልጥን ኢዩ። ነቶም ኣብ ቅድመ ግንባር ተሰሊፎም ኣብ ኤርትራ ፍትሒ ንምንጋስ ብንጥፈት ዝዋስኡ ዘለዉ ኣባላት ዓለም-ለኸ ይኣክልን፡ ካልኦት ምንቅስቓሳት ደምበ ፍትሒ ንምርዓድን ህይወቶም ንምዝራግን: ጉጅለ ህግደፍ ኣብ ከተማ ስያትል ኣበጊስዎ ዘሎ ብጸለመን ሓሶትን ዝተላዕጠጠ ስቪላዊ ክሲ ሓደ መርኣያ ናይ ጭንቀቱን ስዕረቱን ተንኮላቱን ኢዩ።

እዚ ኣበግሲዎ ዘሎ ክስን ጸለመን፡ መቐጸልታ ናይ’ቲ ኣብ ዉሽጢ ዓዲ ከይንዛረብ ኣፍና ዓቢሱ፡ ንዝተዛረበ ድማ ብምእሳር፡ ምስቓይን ምቕታልን ዘካይዶ ዉጹእ በደልን መሪር መግዛእቱ ኮይኑ፡ ዓለም ነዚ ተረዲኣ ምስ ፍትሒ ደው ክትብል ሓያል ስራሕ የድልዮ። እዚ ስግረ-ዶባዊ ዓመጽ’ዚ ደው ክብል ሓባራዊ መኸተ ከምዘድልዮ ኲሉ ደላይ ፍትሒ ኽግንዘቦ ይግባእ። ማዕረ ማዕረ'ቲ ጉጅለ ህግደፍ፡ ንምንቅስቃስ ደለይቲ ፍትሒ ንምብታን ብቃልዕን ብስቱርን ዘካይዶ ዘሎ ተጻብኦታት: ንሕና ኤርትራውያን ደለይቲ ፍትሒ እንገብሮ

ቃልሲ ልዕሊኡ ዝተዓጻጸፈ ክኸዉን ይግባእ። እዚ ነርእዮ ዘለና  ስቅታን ሽለልትነትን ክስተኻኸል ዘሎዎ ምኽኑ ድማ ነተሓሳስብ። ነብስና ካብ ቃልሲ ምግላልን ምዝሕታልን፡ ወይ እዉን ኣብ'ቲ ብተለምዶ silent majority እንዳተባህለ ዝጽዋዕ፡ ስቕታ ዝመረጸ ደምበ ምጽንባር ሓደ ካብቲ ንዓወትና ዘዳናጉን፡ ዕምሪ ህግደፍ ዘንዉሕን ምኻኑ ተረዲእና: ኣብዚ ሓድሽ ዓመት ብሓድሽ መንፈስ ንጡፋት ተቓለስቲ ክንከዉን ምንቅስቓስ ይኣክል ጻዉዒቱ የቕርብ።

ጉጅለ ህግደፍ: ኣብ ክሳዱ ኣትያ ዘላ መሸንቆቋ ውድቀት እንዳጸበበት ኣብ ትኸደሉ ዘላ እዋን: ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ መልከዓቱ እንዳቀያየረ ፈንጠርጠር ምባል ክቅጽል እዩ። ንሕና ከም ደለይቲ ፍትሒ ድማ:  ሕሰምናን ስደትናን ከብቕዕ ንተንኮላት ህግደፍ ብንቅሓት ገምጊምና:  ግዜ ዝጠልቦ ኣወዳድባና ከነሕይልን መሳርዕና ከነጽፍፍን ኣለና።
ህግደፍ ከም ልማዱ: መንእሰያት ንምህላቅ: ስድራቤታት ንምብትታንን ሃብቲ ንምብኻንን: ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ኲናት ምውላዕ: ጣልቃ ምእታውን ጽልኢ ምዝራእን ካብ ቀንዲ እኩይ ተግባራቱ ኢዩ። እዚ ደው ክብል፡ ሰላም፡ ዕብየትን ልዕልና ሕግን ዘሎዋ ሃገር ክዉንቲ ኽንገብር ኣብ ዉሽጥን ደገን ዘሎ ተቓላሳይ ህዝብና ሓቢሩን ተናቢቡን ክስጉም ይግባእ።

ከም ደለይቲ ፍትሒ ክንግንዘቦ ዘለና ጉዳይ: ጉጅለ ህግደፍ ኣብ ምውጋድን ኣብ ሃገርና ብሕጊ ዝምእዘዝ ስርዓት ንምትካልን: ኣህጉራዊ ደገፍ ኣገዳሲ'ኳ እንተኾነ: እቲ ዕማም ግን ብቀንዱ ናትና: ናይ'ዞም ብሓለንጊ ህግደፍ ብሓባር ንግረፍ ዘለና ኤርትራውያን ኢዩ። እቲ ሓቂ ንሱ ስለዝኾነ: ኣብዛ እንቅበላ ዘለና  ሓዳስ ዓመት 2025: እቲ ን33 ዓመታት መንዳዓት ኮይኑና ዘሎ: ክብረትና ዝቀንጠጠን ሃብትና ዘዕነወን ቀዳማይ ጸላኢና ጉጅለ ህግደፍ ንምውጋድ: ሓቢርና ክንምርሽ ጻዉዒትና ነቕርብ።
ጉጅለ ህግደፍ ኣብ ፍልልይናን ሕመቕናን ይነብር ከምዘሎ ኣሚንና: ዘለና ፍልልያት ብዘተን ምክእኣልን ፈቲሕና: ሓይልና ነዚ ንጥፍኣትና ተዓጢቑ ዘሎ ኣረሜናዊ ጉጅለ ንምጉሓፍ ክኸውን ኣለዎ። ነባሪ ስርዓት ከምዘየሎ ኣብ ከባቢናን ርሑቕን ዝረኣዩ ዘሎዉ ለዉጥታት ህያው ኣብነታት እዮም። ሕብረት ሓይሊ ምኺኑ ድማ ካብዚ ትማሊ ኣብ ሶርያ ዝተራእየ ዓወታት'ዉን ብሓጺር ክንመሃር ንኽእል።
ጽቡቕ ክትረክብ፡ ክትጸንዕን ክቡር ዋጋ ክትከፍልን  ስለዘለካ:  ህዝብና ኣትዩዎ ካብ  ዘሎ ቁጠባዊ ውድቀት: ብኩራት ስርዓተ ሕግን ስደትን ንምድሓን: እቲ እንኮ ፍታሕ: ሓድነት: ጽንዓትን ንጹር ራእይን ምጭባጥ ኢዩ።

ህዝብና ክድበስ፡ ሓቢርና ንቃለስ!!
ዓወት ሰላምን ምዕባለን ንህዝቢ ኤርትራ
2025: ዓመተ ሰላምን ዓወትን ስምረትን ትኹነልና!!